
# መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



# ዳዊት እቲ ጓሳ

ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Lazarus, Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen

ተርጓሚ፡- ተስፈኣለም በራኺ፣
ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ

ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣



ነዊሕ ይገብር ሳኦል ኣብ እስራኤል ንጉስ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ፡ ዳዊት ዝስሙ ሽውዓተ ኣሕዋቱ ዝነበርዎ መጓሰ ኣቡኡ ዝሕሉ ቆልዓ ነበረ፡ ዳዊት እቲ ዝነኣስ እኳ ኣንተነበረ፡ ንኣምላኽ ዜፍቅርን ዝኣምንን ሓያልን ተባዕን ወዲ እዩ ነይሩ፡ ኣብ ከተማ ቤት - ልሄም ድማ ይነበር ነበረ።



ኣንበሳ ንመጓሰኡ ኼጥቅዕን ከሎ ሓንቲ ዕየት መንዚዑ ክወስድ ከሎ፡ እቲ መንእሰይ ዝነበረ ዳዊት ነቲ ኣንበሳ ኣጥቂዑ፡ ነቲ ኣራዊት ብጭሕሙ ሒዙ ወቂዑ ብምቅታል ነታ ዝተመዝዐት ዕየት ካብ ኣፉ ይምንጥሎ ነበረ፡ ዳዊት ነዚ ክገብር ኣምላኽ ከም ዝሓገዞ ይፈልጥ ነበረ።




3

እቲ ነብዩ ኣምላኽ ዝነበረ ሳሙኤል ንጉስ ሳኦል ኣብ ኣምላኽ እምነት ስለ ዘጉደለ ጉህዩ ነበረ። ኣምላኽ ድማ ንሳሙኤል "ክሳዕ መኣዝ ኢኻ ንሳኦል እትሓዝነሉ" ኢሉ ገሰጾ። "ናብ እሴይ ክልእኸካ እየ ሓደ ካብ ደቁ ድማ ንጉስ ኣዳልየ ኣለኹ" በሎ፡ እሴይ ኣቦ ዳዊት እዩ ነይሩ ። ሳሙኤል ንጉስ ሳኦል ካልእ ንጉስ ብምድላዩ ኪቐትሎ ኽም ዚኽእል ይፈልጥ እኳ እንተ ነበረ እቲ ነብዩ ንኣምላኽ ተኣዘዘ።



4

ሳሙኤል ምስ መጸ እሴይ ሸውዓተ ኻብ ደቁ ኣብ ቅድሚ ሳሙኤል ኣሕለፎ። ሳሙኤል ከኣ ንእሴይ "ኣምላኽ ካብዚኦም ኣይሓረየን" በሎ። እቲ ዝነኣሰ ዳዊት ጥራይ እዩ ሓዲግዎ፡ ንሱ ምስተን ኣባጊዕ ይጓሲ ነይሩ፡ ንዳዊት ድማ ካብ መጓሳ ጸውዕዎ፡ እግዚኣብሔር ድማ ንሳሙኤል "ተንስእ ቅብኣዮ፣ እዚ እዩ" ኢሉ መለሰሉ።



5

ኣብ ቤተ መንግስቲ ሳኦል መንፈስ እግዚኣብሄር ካብ ሳኦል ስለ ዝረሓቀ ሳኦል ኣዝዩ ይጭነቕ ነበረ። እቶም ኣገልገልቱ ድማ ጥዑም ሙዚቃ ንሳኦል ኬህድኦ ኽም ዚኽእል ሓሰቡ። ሓደ ኻባታቶም ድማ ጥዑም ሙዚቃ ዚጸወት መንእሰይ ይፈልጥ ነበረ። እዚ መንእሰይ እዚ መን ምዃኑ ኽትግምት ትኽእልዶ ? እወ ዳዊት እዩ ።




6

እቲ ዝጸወቶ ዝነበረ ሙዚቃ ንሳኦል የህድኦን፡ ብ ትኽክል ክሓስብን ይገብሮ ነበረ፡ ሳኦል ንእሴይ ዳዊት ኣብ ቤተ መንግስቲ ከገልግል ኪፈቅደሉ ሓተቶ፡ ሳኦል ብጭንቀት ወይ ብፍርሂ ኺሳቐ ኸሎ ድማ ዳዊት በገና ይወቕዖ ነበረ፡ እዚ ንሳኦል ይሕግዞ ነይሩ።



7

ዳዊት ናብ ቤቱ ኣብ ዝኸደሉ ግዜ ሳኦል ምስ ፍልስጥኤማውያን ዓብዩ ውግእ ገበረ፡ ኣሕዋት ዳዊት ድማ ምስ ሰራዊት ሳኦል ኮይኖም ኣብ ውግእ ነበሩ፡ እሴይ ንዳዊት ንኣሕዋቱ ምግቢ ምእንቲ ኼብጽሓሎም ከመይ ከም ዘለዉ ውን ምእንቲ ኺፈልጥን ናብቲ ዝዋግእሉ ቦታ ሰደዶ ።



8


ጐልያድ ዚበሃል ገዚፍ ፍልስጥኤማዊ ንኹሎም እስራኤላውያን ወተሃደራት የፈራርሖም ነበረ።




ጐልያድ ድማ ካብ ማእከልኩም ሓደ ሰብ ምረጹ፡ ምሳይ ክቃለስ ድማ ልኣኽዎ፥ ተቃሊሱ እንተ ቀተለኒ፡ ንሕና ገላዉኹም ክንከውን ኢና፡ ኣነ እንተ ቀተልክዎ ግን ንስኻትኩም ባሮትና ትኾኑ፡ ኢሉ ይጭድር ነበረ፡ ኵሎም ሰብ እስራኤል ነቲ ዓርሞሸሽ ምስ ረኣይዎ ካብኡ ሃደሙ ኣዝዮም ድማ ፈርሁ።




ዳዊት ድማ ንሳኦል "ብሰንኪ እዚ ሰብኣይ ሓደ ሰብ ልቡ ኣይሽበር፡ ጊልያኻ ምስዚ ፍልስጥኤማዊ እዚ ኺዋጋእ እዩ" በሎ። ሳኦል ንዳዊት ኣጽዋር ኪኽደንን ሰይፊ ውን ሃቦ፡ እንተኾነ ግን ዳዊት ኣብ ክንዳኡስ ወንጭፉን፡ ካብ ሩባ ድማ ሓሙሽተ ልሙጻት ኣእማን ኣልዒሉ ኸደ።





ጐልያድ ነቲ መንእሰይ ዳዊት ምስ ረኣዮ፡ ኣጽዋር ከም ዘይተኸድነ ውን ምስ ኣስተውዓለ ሰሓቖ። "ስጋኻ ንኣዕዋፍ ኣየርን ንኣራዊት መሮርን ክህቦም እየ፡ ኢሉ ድማ ፈከረሉ። ዳዊት ድማ "ብስም እግዚኣብሄር እመጽካ ኣለኹ በሎ፡ እግዚኣብሄር ድማ ኣብ ኢደይ ኣሕሊፉ ክህበካ ኢዩ፡ እቲ ውግእ ናይ እግዚኣብሄር እዩ፡ በሎ።




ሽዑ ዳዊት ትኽ ኢሉ ናብ ጐልያድ ጐየየ፡ ብ ወንጭፉ ድማ ሓንቲ እምኒ ወሲዱ ናብ ግምባር ጐልያድ ሰዳዳ፡ ጐልያድ ውን ተወቂዑ ወደቐ።




ዳዊት ቀልጢፉ ነቲ ገዚፍ ሰይፊ ጐልያድ ኣልዒሉ ርእሱ ቈረጾ። ፍልስጥኤማውያን ንጐልያድ ሞይቱ ምስ ረኣይዎ ህይወቶም ንምድሓን ሃደሙ።




ንጉስ ሳኦል እቲ ብበገና ገይሩ ካብ ጭንቀቱ ዘህድኦ ዝነበረ ዳዊት ምኧኑ ኣይዘከረን፡ ንዳዊት ድማ ኣብ ልዕሊ ሰራዊቱ ሸሞ፡ ድሕሪኡ እቶም ህዝቢ ነቲ ዳዊት ዝረኸቦ ዓወት ምስ ኣወደስዎ ሳኦል ኣዝዩ ቀንአ ፡ መንግስቲ እንተ ዘይኰነስ ካልእ እንታይ ተሪፍዎ ኢሉ ውን ሓሰበ፡ ስለዚ ካብታ መዓልቲ እቲኣ ጀሚረ ድማ ኣዒንቲ ሳኦል ኣብ ልዕሊ ንዳዊት ነበራ።



15

እንደገና ንጉስ ሳኦል ተረበሸ እሞ ዳዊት ምእንቲ ኼህድኦ ሙዚቃ ይጻወተሉ ነበረ፡ ሳኦል ንዳዊት ሰለስተ ሳዕ ኲናቱ ደርበዩ ክቀትሎ ሞከረ፡ ዳዊት ግን ኣምለጠ ። ሳኦል ድማ ንዳዊት ፈርሐ፣ ምክንያቱ ድማ ሳኦል እግዚኣብሔር ምስ ዳዊት ከምዘሎ ካብኡ ግን ከም ዝረሓቀ ይፈልጥ ነይሩ ኢዩ።



16

ዮናታን ወዲ ሳኦል ግና ንዳዊት ከም ሓው ገይሩ የፍቅሮ ነበረ፡ ንዳዊት ከኣ "ኣቦይ ሳኦል ኪቕትለካ ይደሊ ኣሎ" ኢሉ ኣጠንቀቖ። ስለዚ ዳዊት ካብ ሰኦል ኣምለጠ፡ ሰበይቲ ዳዊት ውን ኣብ ዓራት ዳዊት ካልእ ምስሊ ብምቕማጥ ፍርቂ ለይቲ ንዳዊት ብመስኰት ሓቢኣ ኣውረደቶ፡ ኣገልገልቲ ሳኦል ንግሆ ምስ መጹ ድማ ንዳዊት ኣይረኸብዎን።



17

ዳዊት ካብ ሳኦል ኣርሒቑ ኺሃድም ነበሮ። ቅድሚኡ ግን ንሱን ዮናታንን ወትሩ ከም ዝተሓጋገዙ ኪዳን ተኣታተው። እቶም ክልተ ኣዕሩኽ እንዳሓዘኑ ተፈላለዩ፡ ዳዊት ድማ ወተሃደራት ሳኦል ክረክብዎ ኣብዘይክእሉ ብዘይ ፍርሒ ሳኣል ዚነብረሉ ቦታ ክደሊ ተበገሰ።



18


ዳዊት እቲ ጓሳ

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

1 ሳሙኤል 16-20

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፣130

19




19 60

20

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16